“ኣብ 2008 ኣብ ናይ ኣመሪካ ፕረዚደንታዊ ምርጫ ሰሙን ብ Christian Research Journal ዝወጸ፡ Andrew Jackson ዝጸሓፎ ሓደ ሓጺር ጽሑፍ ነይሩ። በቲ ሽዑ ዝነበረ ናይ ምርጫ ጊዜ ምስትውዓል ኪግበረሎም ዝግባእ ዓሰርተ (10) ነጥብታት ሒዙ ነይሩ። እዞም ኣብቲ ጽሑፍ እተዘርዘሩ ነጥብታት እዚኣቶም ንሕና ከም ክርስትያናት ኪንርደኦም ዝግባኣና ዓበይቲ ሓቅታትን ትምህርታዊ ሓሳባትን ዚሓዙ እዮም። እቲ ትርጉም ናተይ እዩ።

1. ነታ መጽሓፍ ቅዱሳዊት ናይ ኣምላኽ መንግስቲ ምስ ናይ ዋላ ሓደ ሃገር ወይ ከኣ ናይ ፖለቲካ ፓርቲ ኣይነመዓራርያ። ንክልቲኡ ፡ ማለት ነታ ናይ ኣምላኽ መንግስትን ነቲ ናይ ምድራዊ መንግስታት ፍልልይ ተጠንቂቕና ኪንፈልጦ ይግባኣና፡ ንኽልቲኡ ክንደባልቖ ኣይግባኣናን ። (ዮሃንስ18፡36; ማቴ.6፡33)

2. ንፖለቲከኛታት ናይ መሲሕ (ወይ ከኣ ናይ መድሓኒ) ስፍራ ኣይንሃቦም። ሰባት ብዙሕ ጊዜ፡ ፖለቲከኛታት በእዳዎም ኣብ ሕብረተሰብ ልዕለ-ተፈጥሮኣዊ ዝኾነ ውጽኢት ዘምጽኡ ይመስሎም። ንሕና ሓደ ጐይታ ኣለና፡ ስለዚ ከኣ ንፖለቲከኛታት ገደብ ናብ ዘይብሉ ደረጃ ከነደይቦም ክንፍትን የብልናን። (ማቴ. 7፡15 ፣ 1ይ ጴጥ. 3፡15)

3. ናብ ምርጫ ክንወጽእ ከሎና ድምጺ ጥራይ ኣይንሃብ፡ ነቶም ናይ ፖለቲካዊ ፓርቲ መራሕቲውን ንጸልይ። ክርስትያናት ነቶም ዝድግፍዎም መራሕቲ ኪባርኹ፡ ነቶም ዚቋወምዎም ግና ኪረግምዎም ይፍተኑ እዮም። ነስተውዕል፡ ንሕና ንጸላእትና ከይተረፈ ንኽንጽሊ እዩ ተነጊሩና። (1ጢሞ. 2፡1-2 ፣ ማቴ. 5፡44)

4. ንሕና እንደልዮ መራሒ ወይ ከኣ ፖለቲካዊ ፓርቲ እንተዳኣ ዘይስዒሩ፡ ምጽተ ዓለም ከም ዝበጽሐ ገይርና ኣይንሕሰብ። እቲ ናትና ዘይናወጽ ውሕስነትና ኣብ መንግስቲ ኣምላኽ ከም ዘሎ ኣይንረስዕ። (እብ. 12፡26-29)

5. ናይ ደጋፊ ወይ ነቃፊ ፖለቲካዊ ወገንነት ናብ ውሽጢ ቤት ኣምላኽ ኣይነምጽእ፡፡ ነፍሲ ወከፍ ክርስትያን ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ናይ ሕልና ነጻነት ስለ ዘለዎ፡ ፖለቲካዊ ኣመለኻኽታና ንኤክለሲያ ኣምላኽ ኪመቃቕል ኪንፈቕድ የብልናን። (ሮሜ 16፡17 ፣ 1ቈረ. 1፡11-13)

6. ንሰባት ኣይነሰይጥን ወይ ከኣ መነውራ ኣይንግበር። ዝኾነ ይኹን ሰብ ብመልክዕ ኣምላኽ እተፈጥረ እዩ እሞ፡ ከም ክርስትያናት ምስቲ ፖለቲካዊ ኣቋሙ ንሰማማዕ ወይስ ኣይንሰማማዕ ብዘየገድስ፡ ንሰብ ሰይጣናዊ ወይ ከኣ ትሕቲ ሰብ ዝኾነ ፍጥረት ኣይንግበር (ቈሎ. 3፡8 ፣ ያእ. 4፡12)

7. ብሕርቃንን ብጽልእን ኣብ ዘይከቱር ክርክር ኣይንእቶ፣ ኣብ ክንድኡ ነቲ እንኣምነሉ ፖለቲካዊ ርእይቶና፡ ኣግባብ ብእተመልአ መገዲ መጐተና ምግላጽን ኣእምሮኣዊ ብዝኾነ ሓድሕዳዊ ዝርርብ (ዲያሎግ) ምግባር ይግባኣና። እቲ ናይ ጽልኢ ክርክር፡ ንጐይታና የሱስ ዘዋርድ፡ ነቲ ክፉእ ትዕቢት ድማ ዝገልጽ ባህሪ እዩ። (ያእ. 1፡19-20 ፣ 2ጢሞ. 2፡14)

8. ናይ መንነትካ ነጻነት ክሳዕ እትስእን ኣብ ሓደ ፖለቲካዊ ውድብ ተጠላሊፍካ ኣይትተኣሰር። እዚ እንተዳኣ ገርካ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ሓቂ ኪትዛረብ ከሎኻ፡ በቶም ፖለቲከኛታትን ፖለቲካዊ ውድባትን ናይ ተሰማዕነት ዕድልካ ኪትስእኖ ኢኻ። (1ጢሞ. 3፡15 ፣ ሮሜ 3፡4)

9. ብዘርኢ ወይ ብዓሌት፡ ብጾታ፡ ብሃብቲ፡ ብዕድመ ዝፈላሊ መቃቓሊ ፖለቲካ ፡ ሓድነት ዘይኰነስ ምፍልላይ ዘምጽእ እዩ። ኣብ ህዝባዊ ኣደባባይ ክርስትያናት ናይ ሰላምን ናይ ዕርቅን መሳርሒ ደኣ ኪኾኑ ይግባእ እምበር፡ ምእንቲ ፖለቲካዊ ረብሓ ንህዝቢ ካብ ዝመቃቕል ጉጅለኣዊ ናይ ስምዒት ፈተና ኪሕለዉ ይግባእ (ማቴ. 5፡9 ፣ 2ቈረ. 5፡18-19)

10. ንጸልማት ምርጋም በይኑ መፍትሒ ኣይኰነን፣ (ብምብራህ) ክንገጥሞ ይግባእ። እቶም ናይ መንግስቲ ኣምላኽ ኣመለኻኽታ ዘለዎም ክርስትያናት፡ ተልእኾኦም ነቲ ናይ ዓለም ጸልማት ምርጋም ዘይኰነስ፡ ከም ዘብርህ ብርሃንን መቐረቱ ከም ዚዓቀብ ጨውን ብምዃን፡ ከምኡውን ሰናይ ብምግባርን ነቲ ክፉእ ብምስዓርን ነቲ ናይ ኣምላኽ ብርሃን ሓቂ ብም`ምቃል ናይቲ ህዝቢ ናይ ሓባር ሰላም (ድሕነት) ምሕላው እዩ።

እዞም ነጥብታት እዚኣቶም ክርስትናና ሕሉው ኰይኑ፡ ነፍስናውን ከይተጐሳቘለት፡ ነቲ ዘሎና ፖለቲካዊ ኣመለኻኽታና ወይ ኣቋምና ብጭዋነት ወይ ከኣ ብልቦና ከነካፍል ይሕግዙና እዮም ኢለ ይኣምን። ፖለቲካዊ ዝርርብን ጽሑፍን ካብ መስመር ክርስትና ኣንደልሂጹ ናይ ምውጻእ ክእለትን ሓይልን ስለ ዘለዎ፡ ክርስትያናት ናብ ፖለቲካዊ ዓለም ኪኣትዉ ከለዉ ጥራይ ዘይኰነስ፡ ሓሳቦም ኪገልጹ ከለዉ ከይተረፈ ኪጥንቀቑ ዚግበኦም ጉዳይ እዩ። ኣብ ፖለቲካዊ ጉዳያት ጥራይ ዘይኰነስ፡ ኣብ ኵሉ ጉዳያት ሚዛናዊነትን ተጠንቀቕካ ም`ምዝዛን ኣብ ምርጫ ኪኣቱ ዘይግባ ወሳኒ ነገር እዩ። ብፍላይ ከኣ ሕ`ሉፍነት(ጽንፈኛነት) ኣብ ዝነገሰሉ ኣመለኻኽታ ሚዛናዊነት ንመስዋእቲ ኪቀርብ ኣይግባእን እዩ።”

*(ብ ዘለኣለም መንግስቱ ብቛንቛ ኣምሓርኛ እተጻሕፈት፡ ትርጉም ብ ኣሼር(ኣሴር) ረዳ ስመረ)*